አገዳሲ ሓበሬታ ኲነታት ሃገረ ስብከት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን

ብመጀመሪያ ብስም ቅድስቲ ኤርትራዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን መንፈሳዊ ሰላምታና ነቕርብ። ንብዙሕ ዘመናት ብቕዱሳን ኣቦታት እንዳትዓቀበትን እንዳተመሓደረትን ዝነበረትን ትነብርን ዘላን ብሰላም ህዝባ ትኣሊ ንዘላ ቅድስቲ ኤርትራዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ብዘይጠቕሙ ሓደ ክልተ ኣባላት ቦርድ ነበር ኢሎም ኢልኻ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይሕጋ'ውን ዘይመንፈሳ'ውን ጽሑፋት ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ሃገረ ስብከት ኮነ ኢልካ ነዘን ንልዕሊ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ዓመታት ዝተመስረታን ብጽፉፍ ሃይማኖታዊ ስርሐን ዘካይዳ ዘለዋ ብፍቕሪ ንዝተመስረታ ልዕሊ ሓምሳ (50) ዘለዋ ኣብያተ ቤተክርስትያናት ኣብ ሕ/መ/ ኣመሪካን ካናዳን ኮነ ኢልካ ፋሕ ንምባል ዝዓለመ እከይ ተግባራት ንኩሉ ፈለስትን፣ ካህናትን ምእመናንን ህዝበ ክርስትያንን በሪህሉ፤ ዝገደደ ከኣ ኣቱም ሰባት እቲ ዝገርመና እንዳሓደርና ገለ ክንሰምዕ ኢና፤ እቲ ኣብ ኣሰና ወብሳይት ብመርበብ ኢንተርነት ተዘርጊሑ ንዘሎ ጽሑፍ መሰረተ ኣልቦ ዝኾነ ዘይቅኑዕን መእሰሪ ዘይብሉን ሕመረት ናይቲ ጽሑፍ እውን ምስ'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኣነጻጺርና ክንርእዮ ከሎና ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ዘይቕንዑን ዘይመንፈሳውን ጽሑፍ ተጻሒፉ ንዘሎ ዘሕፍርን ዘሕንኽን እዩ ክንብል ንፈቱ። ቀጺልና እውን ኣንታ ነዚ ዝጸሓፍካ ኣማኒ ናይ'ዛ ሃዋርያዊት ቤተክርስትያን እንተድኣ ኼንካ ነዚ ክትሓስ'ብሲ ጌጋ መዓልቲ ውዒልካ በቲ ኻልእ መዳይ እውን ዓቕምኻን ሓላፍነትካን ምፍላጥ ዓቢ ግደ ኣሎዎ ምኽንያቱ ኣቦታት ክዛረቡ ከለው ሕጊ እንተረጊጽካዮ ተመሊሱ እዩ ዝረግጸካ ከምዝባሃል ምስላ'ሲ ብጋህዲ ክንሪኦን ክንሰምዖን ጸኒሕናን ኣሎናን። ሕጂ'ውን መሰል ናይ'ዛ ቅድስቲ ኤርትራዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ማዕረ ክንድ'ዚ ዝኣመሰለ ድፍረትን ኣጸያፊ ንዝኾነ ጽሑፋትን ነቲ እምነትና ዝትንክፍን ግዕዙይ ስርሓቶምን ኣዕናዊ ዝኾነ ውዲቶምን እንዳረኣናን ከምዘይረኣና ክንሓልፎን እንዳሰማዕና ጸማም እዝኒ ክንህቦን ስቕ ኢልካ ንክትሓልፎ ናይ ኩሉ ምእመናን ኣማኒ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሕልንኡ ከምዘይድግፎ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ተገዲድና ነዚ መልሲ ብዓቕምና እቲ ንፈልጦ ሓቂ ክንምልሶ ክንፍትን ኢና።

ብምቕጻል ሕጊ ኣልዒልና ክንዛረብ እንተድኣ ኮይና፡ ብመሰረቱ ሕጊ ቃል ኣዋዲ እንታይነቱን ብኸመይ ይካየድን ቅድሚ ዝኾነ ኾነትን ልኡም ጽጹይን ዝኾነ ኣፍልጦ ክህልወና ይግባእ፣ ምኽንያቱ ሕጊ ቅድስቲ ኤርትራዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ብናይ ሓደ ዓርከይ የዕሊሉኒ ኢልካ ዝተወሰደ ስጉምቲ ነቲ ጸያቒ ጽቡቕ ስምዒቱ ንምርዋይ ኢልካ ዝተሰርሐ ስራሕ እዩ። ብዛዕባ ሓደ እምነት ክትዛረብ እንተድኣ ኾይንካ ድማ ካብ ዓርከ መሓዛ ዝተኣከበ ዘረባ ሒዝካ ሓቐኛ ጽሑፍ እዩ ክትብል ንነብስኻ ዘምዝንን ዘሕፍርን እዩ ኢልና ክንሕብረካ ንፈቱ። ስለምንታይ ሃይማኖትን ናይ ሃይማኖት ስራሕን ብወረ ረኺብን

ወረ ሰሚዐን ኢልካን ዝዝረብን ዝዕለልን ዝግመት ዘይኰነስ እዚ ሃይማኖት ምስ'ዚ ናትኩም ኣካይዳን ኣሰራርሓን ዓላምኡን መንፈሳዊ ስርሑን ዝግመትን ኣይኮነን ንሃይማኖት ዝፈታትን ኣብ ናይ ዓለማዊ መርበብ ምዝርጋሕ ድማ ዘይቅቡል ስራሕ እዩ።

ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ካብ ዝመጽእ ዳርጋ ንልዕሊ ክልተ ሽሕ (2000) ዓመት ኣለዎ ስለዚ ነዚ ኣብ ውሽጢ ንዘመናት ዝኣክል ብቅዱሳን ኣቦታት ክንምርሓሉን ዝጸናሕናን ንምርሓሉን ዘለናን ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ብቐሊሉ ከምዚ ጌርና ከነቃልሎ ጽቡቅ ኣይኮነን፤ እምብ'ኣርከስ እቲ ቀንዲ ኽንፈልጦ ዝግብኣና ጉዳይ ኣብ 2006 ዓ.ም. ብፈረንጂ ኣቈጻጽራ ኣቦ ዘይነበራ ሃገረ ስብከት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቦ ዝረኸበትላ ዓመት እያ ነይራ። እዞም ኣቦ ክኣ ስሞም ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ ይብሃሉ፤ እዞም ኣቦ ካብ ዝመጹ ነታ ኣብ ጸልማት ዝጸንሐት ሃገረ ስብከትና ናብ ብርሃን ዘሰጋገርዎ ኣቦ እዮም፤ ማለት ቅድሚ ምምጽኦም ማዕርገ ክህነት ዘይብሎም ካህናትን ብዲቁና ዘይተባረኹ ድያቆናትን ብዘይ ኣገባብ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ጥሒሶም ከገልግሉ ንዝጸንሑ መራሕቲ ሃይማኖት ብሕጊ ቃል ኣዋዲ ተማእዚዞምን ተቐይዶምን ንኽንከይድ መስመሩ ዘትሓዝዎን ኩለን ቤተክርስትያናት ኣብ ሓደ ሃገረ ስብከት ተጠርኒፈን ክኸዳ ከምዘለወን ዘተሓባበሩን ዝሰርሑን ኣቦ እዮም። ብዓቢኡ ኸኣ ታቦት ዘይነበረን ታቦት ረኺበን ቤተክርስትያንን ተቐቢኡለን ካህን ዘይነበረን ካህን ረኺበን ድያቆናት ዘይነበረን ድያቆናት ረኺበን፤ ቤትክርስትያናት ንቡር ረኺበን ብግቡእ ብኣቡን ተቐቢአን ንምእመናን እቲ ግቡእ መንፍሳዊ ኣገልግሎት ኣቕርባ ኣለዋ። እዚ ከምንዚ ዓይነት ዝኣመሰለ ክኣ'ኢና ጽቡቕ መንፈስ ዝሓዘለን ዝህብን ክንዛረበሉን ከነዕልለሉን ክንሕበነሉን መንፈሳዊ ዕግበት ክንረኽበሉን ስለ እንኽእል ነቲ ልዑል ኣምላኽና ነዚ ዝሃብካና ተመስገን ክንብሎን ዝግብኣና። ኩልና ከምንፈልጦ ኣብ 2006 ዓ.ም ካብ ዓሰርተ (10) ዘይበዝሓ ቤተክርስትያናት ንዝነብራ ናብ ልዕሊ ሓምሳ (50) በጺሐን ኣለዋ፤ ነዚ ኩሉ ቅዱስ ስርሓትን ተግባራትን ክፍጸም ዝኽኣለሉ መዳይ ድማ ብጻዕሪ ናይ ብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ ምስ መሳርሕቶም ካህናትን ድያቆናትን መዘምራንን ምእመናንን ካብ እስቴት ናብ እስቴት ደኺመ ከይበሉ ነዚ መንፈሳዊ ስርሖም ብተግባር ዘመስከሩ ኣቦ እዮም፤ ንኹልና'ውን ዘይተሰወረ ሓቂ እዩ። እዞም ኣቦ ጽላልን ዓንዲ ሃገረ ስብከትና ብዓቢኡ ኸኣ ኣቦ መራሒ ሃይማኖትን መንፈሳውን ብዘይውዓልዎ ብዘይኣፍልጦ ከተወንጅልዎምን መሰሎም ክትግህስዎምን ብምፍታንኩም ብጣዕሚ ዘሕፍርን ዘሕንኽን እዩ። ብኣንጻሩ ግን ብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ ኣብ ዝሓለፈ 2013-2014 ዓ.ም ዘጋጠሞም ጸገማት ማእለያ የብሉን፣ ማለት ብኣባላት ቦርድ ነበር ብኣቶ ተኪኤ ስዩም፣ ኣቶ ተስፋይ ተኪኤ ከምኡን ኣቶ ተመስገን ኣባዲ ባንኪ ናይ ሃገረ ስብከት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ሃገረ ስብከት ብኢደ ወነንኦምን ሓላፍነት ብዝውሓዶን ባንኪ ዓጽዮምን ንብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ ደሞዞም ስለዘይከፈልዎም ብጐረርኦም ሒዞም ጠጠው ኣቢሎሞም ከይኣክል፣ እቲ ዝገደደ ክኣ ንጳጳስ ኢሉ ዝተላእኸ ደበዳቤታት ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ናብ ኣቡነ ሲኖዳ ብግቡእ ይበጽሖም ስለዝይነበረ ሓደ ክልተ ደብዳቤታት ከም ምኽንያት ተጠቂሞምን ምስ ሲኖዶስ ርክብ

የብሎምን ምሳና የለውን ኣብ ገለ ኲርናዓት'ውን ቅዱስ ሲኖዶስ ወጊዝዎም እዩ ከነባርሮም ኢና፣ ሃገሮም ራሕሪሖም እዮም እንዳበልካ ኸዝረብ ጸኒሑን ኣሎን፡፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ጉዳይ ኣልቦ ከኣ ደብዳቤ ንብዓል ደብዳቤ ብጉቡእ ይበጽሕ ዘይምንባሩ እዩ፡፡ እዞም ኣቦ ግን ነዚ ግፍዒ እዚ ብጸሎትን ደኺመ ከይበሉ ምስዞም ሓሙሽተ (5) ዝኣባላት ሃገረ ስብከት ተማእኺሎም ጠምየን ደኺመን ዓሪቐን ከይበሉ ንኹለን ቤተክርስትያናት እቲ ካብ ኣቦ ዝድለ ዘበለ አልግሎት ብዘይ ጸገም ከገልግሉ ጸኒሖምን ኣለውን፡፡ ነቲ ዓስቢ ናይ ጻምኦምን መንፈሳዊ ኣገልግሎቶምን ደሞዞምን ተባሂሉ ካብ'ዘን ኣብ ሃገረ ስብከት ዘለዋ ቤተክርስትያናት ብጉባኤ ኣብ ወወርሒ በታ መዓልታን ሰዓታን ደሞዞም ክውሃቡ ብጉባኤ ጸዲቑ ከብቕዕ፣ነቲ ብህዝቢ ንመነባበሪኦም ተባሂሉ ዝተመደበሎም ደሞዝ ከማን ንልዕሊ ዓሰርተ ኣርባዕተ (14) ወርሒ ዝኣክል ወሓርዊ ደሞዞም ከይተኸፈሉ እንከለዉ እቲ መንፈሳዊ ስርሖም ግዳ ኣየቋረጽዎን። ብኸመይ መንገዲ ድኣ'ዮ እዞም ኣቦ መዓልታዊ ናብርኦም ክመርሑ ዝሕሰብ፤ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ገንዘብ ካብ ቤተክርስትያናት ዝተዋጽአ ሞባእ ናይ ቤተክርስትያናት ናብ ህግደፍ'ዶ ይልዕኽዎ ኣለዉ እንዳበልካ ዝውንጀሉ ዘለው። እቲ ዘስደምምን ካብ ሓቂ ዝረሓቐን መሰረተ ኣልቦ ዝኾነ ድማ ምዓት ዝወረዶ ህግደፍ፣ ብመጀመሪያ ነፍሲ ወከፍ ቤተክርስትያን ናይ ውልቀን ሕሳብ ክፍለ ኣለወን፣ ብምቕጻል ነፍሲ ወከፍ ቤተክርስትያን ብዕላዊ ኣብቲ ዓመታዊ ጉባኤ ዝተሰልዐን ኣብቲ ቃለ ጉባኤ ሰፊሩ ዘሎን ዓመታዊ ክፍሊት ሓደ ሽሕ ዶላር ($1000.00) እዩ። ሃገረ ስብከት ድማ ብጀካ ሓደ ሽሕ ዶላር($1000.00) ንዓመት ናይ ኣባልነት ካልእ ኣታዊ የብሉን፤ መብዛሕትአን ቤተክርስትያናት'ውን ኣብ መዓልቱን ሰዓቱን ኣይኸፍልኦን እየን፤ ምኽንያቱ መብዛሕትአን ቤተክርስትያናት ናይ ባዕለን ጸገማት ንኣብነት ከም ናይ ሞርጌጅ ምኽፋል ጸገማት ኣሎወን በዝን ዝኸምዝን ዝኣመሰለ ንጹር ጉዳይ እዚ ገንዘብ እንዳኣዋጽኡ ናብ'ቲ ፖለቲካዊ ውድብ ህግደፍ እዮም ዝሰድዎ ዘለዉ ኢልኩም ደፊርኩም ክትዛረቡን ክትጽሕፉን ክኢልኩም ኣየናይ ሞባእ ድኣ እዩ ንህግድፍ ተላኢኹ። እቲ ዝገርም ግን ኣቦታት ክዛረቡ ከለዉ ሰራቂ ሞባእ ባዕሉ ይላፋለፍ ኸም ዝባሃል። ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ ካኣ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ በሰር (ገፊል) ከይ ኣውጻእኻ ኣብ ዓይኒ ብጻይካ ዘሎ በሰር (ገፊል) ኽተውጽእ ዘይከኣል እዩ። ስለዚ ወገናት እቲ ሓቂ ኣብ ቦትኡ እንከሎ ኣብ 2014 ዓመታዊ ኣኼባ ዝተገበረሉ ብዕሊ ኲነታት ሃገረ ስብከትና ኣብ ግምት ኣእቲና በዞም ሓሙሽተ ( 5 ) ዝኣባላት ቦርድ ሃገረ ስብከት ሓዲሽ ሕሳብ ባንክ ንኽከፍቱ እቲ ጉባኤ ብምሉእ ድምጺ ሓላፍነት ከም ዝሃብናዮም በዚ ኣጋጣሚ ከነዘኻኽረኩምን ክንሕብረኩምን ንፈቱ። እቲ ተኸፊቱ ዘሎ ሕሳብ ባንክ ብዕሊ ብሕጋዊ መገዲ ተኸፊቱ ከምዘሎ ስርሑ'ወን ድሮ ጀሚሩ ከምዘሎ ከነረጋግጸልኩም ንፍቱ። ርክብ ሃገረ ስብከትና ምስ ቅዱስ ሲኖዶስ ዘሎዋ ርክባት ከምቲ ዝብሃል ዘሎ ዘይኮነስ ኣብ ዝሓሸ ደረጃን ብጽቡቕ መንፈስ ይጓዓዝ ከምዘሎ ክንፈልጦ ይግባእና። ልክዕ ብሓደ ኽልተ ኣባል ቦርድ ነበር ከምኡ'ውን ብሓደ ኽልተ ካህናት ተሓላሊኹ ምጽንሑ ኲላትና ንፈልጦ ሓቂ እዩ፤ እዚ ኸኣ ናይ ባዕሎም ሕግታት ሰሪዖም ማለት ኣብ ቃል ኣዋዲ ንዘሎ ዓንቀጻት ኣየስርሓናን ኢዩ እንዳበልካ

ቤተክርስትያናት ምዝማትን ዝቐንጠዉ ውዲታትን ባዕላውነት ዝተመርኰሰ ንውልቅኻ ገንዘብ መኻዕበትን ነዚ ሃገረ ስብከት ከም'ትካልካ ገይርካ ክትቈጻጸሮ ምፍታንን ሓቂ ኣልቦ ብዝኾነ ህርፋንን ኣብዘይትበጽሖ ሕልምታት ምህውታትን ምጽማድን ሽርሕነት ምኳኑ ንዅልና በሪሁልና ኣሎ። ልክዕ እዩ ሓደ ክልተ ሕግታት ቃል ኣዋዲና ብቃለ ጉባኤ ዝሓለፍናዮ ሕግታት ኣሎ፣ እዚ ክኣ ሃናጽን ከስርሓናን ከማዕብለናን ተባሂሉ ድኣ እምበር ንውልቂ ረብሓ ሰበኻ ጉባኤን ኣቡንን ሃገረ ስብከትን ኣይኮነን፤ ከምቲ ኣቦታት ዝብልዎስ "ዕርፊ እንተኣጽኒዕኻስ ብዕራይ ኣብዘብሎ የልቦን ኽምዝባሃል"፡፡ ኣሕዋት ንሕና'ውን ሕጊ ቤተክርስትያናን ንቅዱስ ሲኖዶስናን ሃገረ ስብከትናን ኣቦናን ኣጽኒዕና ክንዕቅቦምን ክንሕልዎምን ናይ ኩላትና ሓላፍነት እዩ ከምኡ'ውን ናይ ኩሉ ግዜ ጸሎትናን ትምኒትና ክኸውን ብትሕትና ንላቦ። ብመሰረቱ ቤት እግዚኣብሔር ጽጉም ትረድኣሉ፣ ሓጥያትካ እትንስሓሉ፣ ዝሓመመ ሓውኻ ኣናዲኻ እትበጽሓሉ፣ ጾምን ጸሎትን እተዕርገሉ፣ ምስ ዝኾነ ፍጡር ወዲ ኣዳምን ሄዋንን ዝፈጠርዎም ዝነበረካ ቂምን በቐልን ይቕረ ይቕረ እትበሃሃለሉ፣ ዝዓረፈ እትቐብረሉን ቤተሰብ ዝዓረፈ ተጸናንዓሉን ብምኳኑ ቤት እግዚኣብሔር ቤት ፍቅሪ እዩ፡፡ ስለዝኾነ እምብኣር'ከስ ንሕናውን ተፋቒርና ቤተክርስትያናን ሃይማኖትናን ክንዕቅብ ብግቡእ ንውልድና ከነትሓላልፍ ይግባእ፡፡ እዚ ሓላፍነትን ጸጋን ተዋሂቡና ዘሎ፤ ከምቶም ብዓል ክልተ መክሊት ብዓል ሓሙሽተ መክሊትን ብእምነት ብትግሃትን ዘገልገሉ እሞ ዕጽፊ ዘበርከቱ፤ ንሕና'ውን ከምኦም ኽነበርክት ቅድስቲ ቤተክርስትያና ትፅውዓና ኣላ እሞ፤ ነዚ ክንገብር ቅዱስ ፍቓድ ናይ ጎይታና እየሱስ ክርስቶስ፣ ጸሎት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ፣ ተራዳኣነት ናይ ኩሎም ቅዱሳን ምስኩላትና ይኩን ኣሜን!!!

እግዝኣብሔር ንሃገርናን ንዓለምናን ይባርኽ

ንሃይማኖትና የጽንዓልና

ንህዝብና ድማ ሰላምን ቅሳነትን ይሃበና ኣሜን!!!